## ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ
## ኣብ ከተማ ሳርብሩከን ብዓቢ ድምቀት ብዒሉ

ኣብ ክፍለ ሃገር ሳርላንድ ዝርከቡ ኤርትራውያን ሾሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ብዕለት08/03/2008 ኣብ ከተማ ሳርብሩከን ብዓቢ ድምቀት ኣብዒልዎ ውዒሉ። ኣብ ክፍለ ሃገር ሳርላንድ ብሓፈሻ ንኹሎም ኣብቲ ክፍለ ሃገር ዝነብሩ ኤርትራውያን ዘጠቓልል ብስም ኤርትራዊ ማሕበረ ኮም ኣብ ሳርላንድ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ማሕበረ ኮም እዩ። እዚ ማሕበረ ኮም እዚ ነቲ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ታሪኽ ቃልስና ዘርኣይኦ መዘና ኣልቦ ጅግንነት እቲ ሓደን መዳርግቲ ዘይተረኽቦን ኣብ ዓለምና ዝያዳ ኀሊሑን ደሚቑን ንመላእ ህዝቢ ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ነተን ብድሑር ባህሊ ተጸቒጠን ግዳይ ሕሰምን መከራን መቕዘፍትን ዝኾና ዘለዋ ኣፍሪቃውያን ደቀንስትዮ ኣርኣያ ብምዃን ንቃልሰን ከዕዝዝኦ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ነቶም ኣብ ጥላም ሳእኒ ወያነ ዝተምበርከኹ ከዳዓት ገዲፍካ ኣብ ጎድነን ደው ኢሉ ክቃለስ ማሕበረ ኮም ኣስሚርሉ።
ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ እታ ሓንትን ናይ መጀመርያን ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰባት ብረት ዓጢቓ ብጅግንነት ክቡር ደማን ዓጽማን ከስኪሳ ነጻነት ዘምጸኣን ሃገር ኣብ ምህናጽ ማዕረ ብጾታ ደቂ ተባዕትዮግቧ ዘበርከተትን ገና ውን ተበርክት ዘላን. ሃገር ዳግማይ ብጸላእቲ ምስ ተወረረት ውን ኩሉ ድሕሪ ሃገር ጀጋኑ ኣሕዋተይን ኣሓተይን ዝወደቑላ ሃገር ኣነ ብደወይ ከለኹ መን እዩ ዝደፍራ ብማለት ሴፋን ኀራዴኣን ሒዛ ንኹሎም ሽሾ ጸላእታን ዓንገልቶምን ኣሳሰይቶምን ቆራሪጻ ቀለብ ኣራዊት ብምግባር ኣብ ዓለምና ካብቲ ዝሓለፈ ቅያ ጅግንነት ሕልፍ ዝበለ ቅያ ሰሪሓ ሃገር ኣውሒሳ።
ቅያ ጅግና ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ሰማይ ወረቐት ማያት ውቅያኖስ ቀለም እንተዝኾኑ ውን ንምጽሓፉ ኣይማኣኽሉን ። ጅግንነት ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ኣይኮነን'ዶ ሰማዕን ረኣይን ንሳ ባዕላ ውን ነዚ ቅያ ጅግንነት ሎሚ ከም ተዘክሮ ክትዝክሮ እንከላ ንምእማኑ የጸግማ እዩ እቲምንታይሲ ሰብ ፍጡር ኮይኑ ከምኡ ዓይነት ጅግንነት ክፍጽም ይኽእል እዩ ኢልካ ክትኣምን ስለ ዘይትኽእል።
እወ ኤርትራዊት ኣደ ወላዲት ጀጋኑ ኢኺ እሞ ማህጸንኪ ይባረኽ ዝወለድክዮም ከኣ ከም ዕምበባ መስከረም ይዓምብቡን ይሰውዱን !
ኤርትራዊት ኣደ ንስኺ ኩሉ ኢኺ ኣብ ሃገርኪ በቶም ፍረ ማህጸንኪ ንዘለኣለም ክብርትን ሕፍርትን ሕጉስትን ኮይንኪ ንበሪ !
ኤርትራዊት ኣደ ንህላዌኺ ንድሕነትኪ ኣለና ደቅኺ ወለኡ ጽንጽያ ዓይኒ ዘንፍረልኪ !
ኤርትራዊት ኣደ ኣጆኺ ቅሰኒ ንኹሎም ተጻባእቲ ኤርትራ እሳተ ኀሞራ ሓዊ ተፊእና ክንልምጾም ወትሩ ድሉዋት ኣለና !
ኤርትራዊት ኣደ ተሓበኒ ንሕና ደቅኺ ሓይልና ልዕሊ ማዕበል ውቅያኖሳት ባሕሪ እዩ ወይለኡ ነገርና ዝደሊ !

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ነተን በጃ ሃገር ዝወደቓ ደቀንስትዮ!!!
ክብርን ሞገስን ነተን ኣብ ሰራዊት ዘለዋ ደቀንስትዮ!!!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!!

<u>ተስፋማርያም ሓጎስ</u>